# ድሕነት ሃገር ገደብ ዘይብሉ ናይ ነፍስወከፍ ዜጋ ግደታ'ዩ።

ደቂ ሰባት ካብ ንፍጠር ኣትሒዝና ኣብ ቃልሲ እንነብር ፍጡራት ኢና። ኣብ ብሂወት ዘለናሉ ንዝሓሸ ናብራ ዝሓየለ ቃልሲ ነካይድ። ከዌውትና እዩ ንብሎ ምርጫታት ንወስድ። ብኡ መሰረት እቲ ናይ ምንባር ሕቶ ካብ ወሎዶ ናብ ወለዶ እና ተማሓላለፈ ይነብር። ንምንባር ንገብሮ ቃልሲ ምርጫ ኣይኮነን። እንተዘየድለየና ንገድፎ እንተኣድለየና ንቕጽሎ ኣይኮነን ግደታ እዩ። ምኽንያቱ ኮምኡ ከይገበርና ክንነብር ስለ ዘይንኽእል። ስለዚ ቃልሲ ንደቅሰባት ሓድሽ ኣይኮነን ምሳና ዝተፈጥረ እዩ።

እቲ ናይ ምንባር ቃልሲ ኣብ ቦቱኡ ኮይኑ፡ ካልእ ዓይነት ቃልሲ ምስ ንብረት ጥሪት ሜረትን ዝተኣሳሰረ ኣብ ጎንጺ ዘድሃበ ማዕቢሉ። ንርኽኩብ ደቂሰባት ኣብ ሓርፋፍን ቅርሕንትን ዘምርሕ ኩነታት ኣእተዎ። ዘይጥሪትካ ምዝማት፡ ዘይንብረትካ ምድላይ፡ ዘይሜረትካ ምግባት ኣስዓበ። ኣብዚ ዝተበደለ ንብረቱ ክእክብ ኣንጻር በዳሊኡ ክትስእ ግድነት ኮኖ። ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ብዝተፈጥረ ጎንጺ ክሳብ ሂወት ምትሕልላፍ ተበጽሔ። ኣንፈት ናይ ኲናት ድማ ሓዘ። ምኽንያቱ በዳሊ ክዕንትር ተበዳሊ ርእሱ ኣድኒኑ ክነብር ስለ ዘይክእል።

ህዝቢ ኤርትራ እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቂሶም ዘለዉ በደላት ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዝተፈጸሙ እኳዩ ሂወት ኣሽሓት ዝትቀዝፈ፡ ማእለያ ዘይብለን ጥሪቱ ዝተዘምተ፡ መንበሪ ኣባይቱ ብሓዊ ዝተቓጸለ። ኣደታት ብሳንጃ ወተሃደራት ጸላኢ ከብደን ዝተተርብዔ። ከምዚ ጸገም ዘሕለፈ ህዝቢ ንድሕነት ሃገሩ ዘይሰየፈሉ ምኽንያት የብሉን። ሃገርን ህዝብን ንምብዳል ምስ ካልኦት ተጻባእቲ ዝመሓዘወሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎ። ንኽብዱ ክነብር ኢሉ ድሕነት ሃገር ኣብ ስግኣት ዘእቱ ኤርትራዊ ክበሃል ኣይከኣልን። ከምቲ ዝነኛ ነፍስሄር ስነ ጥበባዊ ኣልኣሚን ዓብደል ለጢፍ ዝበሎ "" ሰብ ንኽብዱ ጥራሕ ኣይኮነን ዝነብር " ብልክዕ ሓቂ እዩ፡ ዝነብር ሰብውን ስለ ዘየለ ዘኹርዕ ታሪኽ ገዲፉ ክሓልፍ ይግባእ። ኣብ ግዜ ገድሊ ካብ ዝድረፉ ዝነበሩ ደርፍታት ትዝ ዝብለኒ፡ ""እንተለኻ ሞትየ እንተኸድካ ሞተየ ንዓናይ ንጋደል ንሓደ ዓመትየ"" ይበሃል ኔሮሩ። እዚ እንታዩ ዘረድኣና ኣብዚ ኮይኑ ኣብቲ እቲ ሞት ስለ ዘይተርፍ ጽቡቕ ጌርካ ምሟት ይበልጽ ንምባል እዩ። እቲ ጽቡቕ ተግባራት ንመዋእል ካብ ውሉድ ንዎሎዶ ክተሓላለፍ ስለ ዝነብር።

ህዝቢ ኤርትራ መሪር ኲናት ሕድሕድ ዘሕለፈ ህዝቢ እዩ። ኣብ ሞንጎ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባ ግንባርን ዝፈሰሰ ደም ንዘየጉሃዮ ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብልዕሊቲ ብጸላኢ ዝፍነወሉ ዝነበረ ጉናት ውግእ ሓድሕድ ተወሲኹዎ ኣብ ዝበርትዔ ጓሂ እዩ ኣትዩ። ነዚ ፍጻሜ'ዚ ንታሪኽ ገዲፉ፡ ቃልሲ ንነጻነት ምስቲ ንሜዳ ኤርትራ ዝበሓተ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ቃልሱ ቀጺሉ። ነቲ መሪር ተሞኩሮ ከም ምኽንያት ወሲዱ ጸረ ህጽባዊ ግንባር ደው ኣይበለን። እዚ ሎሚ ዝርኤ ዘሎ ክድዓት ብገዳይም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሰራዊት ዝመርሑን ዘዋግኡን ዝነበሩ ክርኤ ኣይምተገበኤን። ትማሊ ንመራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣድሓርሓርቲ ዝብሉ ዝነበሩ ሎሚ ሃገር ክሸጡ ላዕልን ታሕትን ጸፋዕፋዕ ይብሉ ኣለዉ። ካብዚ ዝዓቢ ምድሕርሓር የለን። እሞኸኣ ንሓደሰብ ፕረስደንት ኢሰያስ ኣጸሊምካ

ንመላእ ሃገርን ህዝብን ኣብ ሓደጋ ከተውድቕ ምስራሕ ምድሕርሓር ጥራሕ ኣይኮነን፡ ፋሽሽታዊ ተግባር (ዓላማ) እዩ። ወገን ከም ፖሎቲካዊ መሳርሒ ተጠቒምካ ንኤርትራውያን ምጉጅጃል እዋኑ ዝሓለፈ ሽጣራ እዩ፡ ግን ሽለል ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን ምኽንያቱ ንውልቃዊ ረብሕኦም ልዕሊ ድሕነት ሃገር ዝሰርዑ ሽዩጣት ስለ ዘለዉ።

ኣብ መደምደምታ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክነብር፡ ከም ቀደሙ ብፍቕርን ብስኒትን ክተሓቛቖፍ፡ ነቲ ክንዲ እምባ ዝኾነ ዓላማ ድኣንበር፡ ነቲ ክንዲ ጸጸር ኣሎ እናተባህለ ዝንዛሕ ናይ ዝጠፈሹ ወረ ከይሰምዔ ነዛ ሃገር ሰማእታት ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዋን፡ ንናይ ክፍኣት ሃዋርያ ከነቃልዕምን ሃገራዊ ጉቡእና እዩ።

**ታሪኽ ድኣንበር ሰብ ኣይነብርን። ታሪኽ ናብ ዝመጹ ዎሎዶታት እናተመሓላለፈ ክዝከር ዝነብር ውርሻዩ።**

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር